አብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ዲዛይንን ህንፃ ኣብ ናይ 2016 ዓም በጀት ዓመት ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ምሊስቨሎተርኒ ዝተረከበ በጀት ዕደጋ መፍለይ ቁፅሪ ዓድዋ / CW /SSSP/01/16 ካብ ናይ ዓድዋ መተዊ ዕደጋ ዓርቢ ቀበሌ አሉላ ክሳብ ቤት ክርስቲያን እንዳኣምናአረጋዊ ዓዲ ማሕለካ ካብ ሆቴል ማይ ዓሳ ክሳብ ሆቴል ሸዊት ዝርገሐ ናይ ማእከል መንገዲ መብራህቲ ንምስራሕ ብኤሌክትሮ መካኒካል ደረጃ 5 ን ልዕሊኡን ብርኪ ስራሕ ዘለዎም ስራሕቲ ተኮናተርቲ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 20, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 17, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:150000
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:600
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 17, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

1 ናይ 2016 ዓም ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር ምዝጋባ ዘለዎ ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነን ኢሉዉን ዝተሐደሰ ፈቃድ ንግዲ ዘለዎ ናይ ተኮናተራይነት ምዝጋባ ካርዲ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ወረቀት ምስክር ንግዲ ስም ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነን ከምእዉን ናይ ዘሐለፈ ወርሒ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ እዉን ከቅርብ ዝክእል

2 መከበሪ ጨረታ 150000 / ሐደ ሚእቲን ሓምን ሸሕ / ብቤሄራዊ ባንኪ ንግዲ ኢትዩጰያ ካብ ዝተፈቀደሎም ባንኪታት ወይ እዉን ፋይናንሻል ትካላት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረት ባንኪታት ወይ እዉን ፋይናንሳዊ ትካላት ብዘረጋግፆ ቼክ ወይ እዉን ስፒኦ ከቅርቡ አለዎም

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 90 ተከታተለቲ መዓልቲታት መሉእ ብሙሉእ ፈፂሞም ወይ እዉን ዛዚሞም ከረክቡ አለዎም

4 ተጫረቲ ብቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዲዛይንን ህንፃ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 600 ኣብ እቶት ቤት መዘጋጃ ብምክፋል ካብ ዕለት 18 ታሓስ 2016 ዓም ጀሚሩ ካብ ቤት መዘጋከ ከተማ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዲዛይንን ህንፃ ቁፅሪ 4 ምዉሰድ ይክእሉ

5 ተጫራታይ ብዝወሰዶ በዝሒ ቅዳሕ ዝመልኦ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ፋይናንሻልንሰነድ ሐደ ዋናን ሐደ ቅዳሕን ቴክነካል በበይኖም ተዓሺጎም ስራሕ መጠን መከበሪ ጨረታ ወይ እዉን ስፒኦ ወረቀት ምስክር ምዝግባ ንግዲ ፋቃድ ስራሕ ንግዲ ምዝገባ ካርዲ ተኮናተራይነት መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ወረቀት ምዝገባ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምእዉን ናይ ዘሐለፈ ወርሒናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘፍለጠሉ ሰነድ ኣብ ዝተፋለለየ ፖስታት ምስ ዓሸጉ ኮሎም ፖስታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ናይቲ ዝተጫረትሉ ፕሮጀከት ስም ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብዝርአ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ አብ መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዲዛይንን ህንፃ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 17 ጥሪ 2016 ዓም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ወይ እዉን ብወኪሎም ኣቢሎም ከእትዉ አለዎም

6 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ብዉነ ተረዲኦም ዋጋ ብምምልእ ፈሪሞምን ማሕተም ብምዕራፍ እቲ ጨረታ ከምቲ ክሸየጥ እንተሎ ዝነበረ ከይ ኣጎደሉ ከቅርቡ አለዎም

7 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረክበሉ 17 ጥሪ 2016 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 3:30 ኣብ አዳራሻ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ይክፈት
8 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914787894

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle